
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.4 | ሰሉስ 5 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዓይነት ድኻም ልቢ




ገጽ 3 — ከዋኽብቲ ስነ-ጥበብ ዝዝክር ሕብረተሰብ፡ ከዋኽብቲ ስነ-ጥበብ የፈልፍል

ገጽ 4 — መዓልቲ ጓሳ ኣብ ክረምቲ



ገጽ 5 — ቃለ-መሕትት ምስ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ . . .



ገጽ 7 — ውድድር ማውንተን ባይክ ተኻይዱ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ ንምስታፍ ናብ ኬንያ ገይሹ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ፡ ካብ 4 ክሳብ 6 መስከረም ከተማ ናይሮቢ ኣብ እተኣንግዶ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ ንምስታፍ፡ ትማሊ ሰዓት 6:30 ናይ ንግሆ ናብ ኬንያ ገይሹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ጆሞ ኬንያታ ኣብ ዝኣተዉሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ኬንያ ኣልፍሬድ ሙቱዋን ሚኒስተር መሬት ዘበርያ ንጄሩን፡ ከምኡ’ውን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም ተቐቢሎሞም።

ኣብ’ዚ ብምትሕብባር ኣፍሪቃዊ ሕብረትን መንግስቲ ኬንያን ዝተወደበ ዋዕላ፡ መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃን ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባትን፡ ኣብ ጸልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ብደረጃ ሃገር፡ ዞባን ዓለምን፡ ከምኡ’ውን ንምግታኡ ኣብ ዘኽእል ሜላታት ክዘትዩ እዮም።

ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’፡ ንክሊማዊ ለውጢ ኣመልኪቱ ንዘቕርብ ዝተፈላለየ ኣፍሪቃዊ ኣረኣእያታት መድረኽ ክፈጥር ትጽቢት ይግበር።

ጎድኒ-ጎድኒ እቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕትን ወከልትን ሃገራትን ውድባትን ርክባት ከካይድ ትጽቢት ይግበር።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ ኣሎ።

## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ‘ኣልሓደሰ’፡ ዘሰደምም ድራማ ዝተፈብረኸ ክሲታት

ኣብ ስዑድያ ዝመደበራ ቴለቪዥን ‘ኣልሓደስ’፡ ኣብ ናይ ሎሚ (3 መስከረም) ድሕራቕትሪ ፈነወኣ፡ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ዝተፈብረኸ ድራማ ኣጋዊሓ። እዛ መደበር ቴለቪዥን፡ “ፈላጣት” እትብሎም እናጠቐሰት፡ ሓቅነት ናይ እትዝርግሖ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ቅንጣብ ጻዕሪ ከየካየደት፡ ከም’ዚ ዓይነት ወንጃሊ ክሲታት ኣንጻር ኤርትራ ከተቕርብ እዚ ናይ ፈለማ ኣይኮነን።

ቴለቪዥን ‘ኣልሓደስ’ ኣብ ናይ ሎሚ ፈነወኣ፡ ምስ’ቲ ትማሊ ቀዳም ኣብ እስራኤል ዘጋጠመ ዘጉሂ ፍጻመ ብምትእስሳር፡ ቅድሚ ሕጂ ዘፈሸለ “ኣብ ኤርትራ ኣሎ” ብዝበሃል ዝነበረ መደበራት እስራኤልን “ምስጢራዊ ወተሃደራዊ ስምምዓት ምስ ኤርትራን” ዝምልከት “ዜናዊ ትንታነ” ኣጋዊሓ።

**መንግስቲ ኤርትራ ደጊሙ ከረጋግጾ፦**

- ኤርትራ ምስ እስራኤል ምስጢራዊ ጸጥታዊ ዝምድና ኣይነበራን፣ የብላን እውን።
- እስራኤል፡ ኣብ ኤርትራ ምስጢራዊ መጻናንዒ መደበራት ኣይነበራን፣ የብላን እውን።
- እዚ ጠቕነታት’ዚ፡ ገለ ሓይልታት ንናይ ኣጀንዳታቶም ኣንጻር ኤርትራ፡ ብተደጋጋሚ ከጋውሕዎ ጸኒሖም እዮም።
- ብዛዕባ’ቲ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝቐጸለ ፈስቲቫልን፡ ካልእ ሕጋዊ ንጥፈታትን ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምዝራግ ዝተፈጸመ ገዳዊ መጥቃዕቲታት፡ መንግስቲ ኤርትራ - ንዕላማታቱ ከምኡ’ውን ዘለዓልዎ ግዳማውያን መሓውራትን ሓይልታትን ዘቃልዕ ኣጠቓሊሊ መግለጺ ክወጽእ ምዃኑ ይሕብር።

**ሚኒስትሪ ዜና**
**ኣስመራ - 3 መስከረም 2023**

## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ኣብ ቴልኣቪቭ፡ ዝተፈጸመ ጎነጻዊ ተግባር

ዝሓለፈ ቀዳም፡ 2 መስከረም 2023፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል፡ ሃገራዊ በዓሉ ንከኽብር ብሕጊ ሓቲቱ፡ ብዝምልከቶም ሰበስልጣን መንግስቲ እስራኤል ከኣ ንብር ፍቓድ ተዋሂብዎ።

ብሰበስልጣን መንግስቲ እስራኤል ብዝተዋህበ መምርሒ መሰረት፡ በዓል ንከኽብሩ ዝመጽኡ ኣስታት 1200 ዜጋታትና፡ ናብ ኣደራሽ ቅድሚ ምብጻሖም፡ ኣብ ጥቓ ኢምባሲ ከምዝተኣኻኸቡ ተገይሩ።

ዚ መድረኽ’ዚ ብሸነኽ ከተዓናቕፉ ዝወደቡ ሃሱሳት ብወገኖም፡ ልክዕ ኣብ’ቲ ዕለት’ቲ፡ ካብ’ቲ በዓል ዝግበረሉ ቦታ 500 ሜትሮ ርሒቖም ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ንፖሊስ እስራኤል ሓቲቶም፡ ተፈቒዱሎም ነይሩ’ዩ።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን፡ እዞም ጸይቀ-ዕሉላት፡ ንእተዋህቦም ሕጋዊ ፍቓድ ጉልቡብ ተጠቒሞም፡ ሰይፊ ወይ ወጋሕታ ነቲ ኣዳራሽ ከጥቅዑ መደብ ሒዞም፡ ኣእማን ኣብትርን ካራን ክጥቀሙ ተዳልዮም ከምዝነበሩ ሓበሬታ ስለዝረኸበ፡ ንፖሊስ እስራኤል፡ ኣብ ዘይደሊ ግጭት ከይትወዉ ከምዝኽእሉ ብምግላጽ ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑ ነይሩ። ሕጊን ስርዓትን ናይ ምኽባር ሓላፍነት ናይ ፖሊስ እዩ ዝብል መልሲ ድማ ተዋሂብዎ።

ከምቲ ዝተገመተ፡ እዞም ሃሱሳት ካብ ዝተፈቐደሎም ቦታ ሓሊፎም ወጋሕታ ናብ ኣደራሽ ብምምራሕ ህውከት ፈጢሮም፣ ሕጊ ብምጥሓሶም ከኣ ምስ ፖሊስ ኣብ ግጭት ኣትዮም። ካብ ሰዓት 6:00 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 1:00 ቀትሪ ድማ፡ ኣብ መንጎ ፖሊስን እዞም ሃሱሳትን ግጭት ተኻይዱ፤ ኩሉ’ቲ ዘጋጠመ ፖሊስ ብቪድዮታት ሰኒዱዎ ኣሎ።

ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራ፡ ፖሊስ ብዝሃቦ መምርሒ መሰረት፡ ካብ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 1:00 ድሕሪ ቀትሪ ካብ ዝተመደበሎም ቦታ ከይተንቀሳቐሱ ብዓቕሊ ተጸቢዮም። በዚ ድማ ክሳብ’ዚ ግዜ’ዚ ምስ ኣባላት ማሕበረኮም ዝኾነ ግጭት ኣየጋጠመን።

እዞም ሃሱሳት፡ ኣብቲ ናይ ኣደራሽ ቦታን ከባቢኡን ከቢድ ዕንወት ድሕሪ ምፍጻሞም፡ ናብቲ በዓሉ ከኽብር ዝመጸ ህዝቢ ተኣኪቡሉ ዝነበረ ቦታ ኣብ ዘምርሕሉ ህሞት ግን ሰለዝጀመሩ፡ ኣባላት ማሕበረኮም፡ ነብሶም ክከላኸሉ ተገዲዶም።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል ን10 ዓመታት መመላእታ ኣብ ዘቖጸ ሃገራውን ባህላውን ንጥፈታት፡ ዝኾነ ጸገም ፈጢሩ ከምዘይፈልጥ ዝተረጋገጸ እዩ። ከምዝፍለጥ ኣካላት ጸጥታን ኢሚግረሽንን መንግስቲ እስራኤል፡ ናብታ ሃገር ዝኣተዉ ስደተኛታት ካብይ መጺኦም ምጽራይ ከይገበረ ንኹሎም ከም ኤርትራውያን’ዩ ዝቐበሎም ነይሩ። ካብዞም “ተቓወምቲ መንግስቲ ኤርትራ” ተመሲሎም ቡጦዝኡ ጸገማት ክፈጥሩ ዝጸንሑ ድማ ብዙሓት ዘይኤርትራውያን እዮም።

እቲ ክውን ኩነታት ከምዚ ክነሱ፡ ካልእ ፖለቲካዊ መልክዕ ንምሃቡን ንማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል ይኹን ንመንግስቲ ኤርትራ ንምድዋን ዝቖየድ ዘሎ ናይ ማዕከናት ዜና ይኹን ገለ ሰበስልጣን እስራኤል ዘይሓላፍነታዊ መግለጺታትን ጠቕነታትን ዶብ ክግበረሉ የድሊ።

**ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ እስራኤል**
**ቴልኣቪቭ**
**4 መስከረም 2023**

# ምስ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ

## ቃለ-መሕትት

መርሃዊ ታደሰ
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ኮለጅ ብምህላው - ንህዝቢ'ዚ ንኡስ ዞባ ዘሆ ረብሓ እንተሎ ክትገልጸልና?**

ኣብ'ዛ ከተማ ዝርከብ ኮለጅ ንግደን ምሕደራን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ብዲግርን ዲፕሎማን ዘመርቕ ሓደ ዓብዪ ኮለጅ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ናይ'ዚ ንኡስ ዞባና ከም ሓደ ዓብዪ ብልጫ ኢና እንርእዮ። ምኽንያቱ ተማሃሮ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ንተመሃሮ ናይ'ዚ ኮለጅ እናረኣዩ ስርዓት-ኣካይዳ ናይ ኮለጅ ተመሃሮ ከመይ ምኻኑ ብዋዕሪ እናተዓዘቡን እዮም ዝኸዱ ዘለው።

ከተማ ዓጽ'ዕ ናብ ስትራተጂካዊት ከተማ ሰንዓፈን ናብ ንኡሳን ዞባታት ጸሮናን ማይ ዓይንን ክኸውን ዝኽእል ንኡስ ዞባ እዩ።

ንኡስ ዞባ ሰንዓፈን ንኡስ ዞባ ጸሮናን ምስ ኢትዮጵያ ስለዝዳወባ ድማ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ንግዳዊ ልውውጥ ውሑድ ተራ እዩ ዘለዎ። እዚ ዕድላት'ዚ ስለዘሎ ኸኣ ንግዳውን ቱሪዝማውን ጸጋታት ዘለዊ ዕበየትን ዝርጋሐን ክረኣየሉ ዝኽእል፡ ኣርባዒ ጸጋታት ዘውንን ን/ዞባ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና።

ብቐንዱ ዓዲ-ቐይሕ ሓንቲ ካብተን ዝበርኻ ቦታታት ናይ ሃገርና ስለዝኾነት፡ ስፖርተኛታት ልምምድ ኮነ ውድድር ንኽካየዱላ ኣዝያ ወሳኒት ቦታ'ያ። ከም



እዚ ማስርሕ'ዚ ብቐንዱ፡ ዝዓም መንእሰያት ተመሃሮ እዚኣቶም ናይ ትምህርቲ መጻኢኦም እንታይ ከም ዝመስል ሓደ ዓብዪ ስእሊ ክህቦም ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ እዞም ኣብ'ዛ ከተማ ክሳብ ናይ 12 ክፍሊ ደረጃ ትምህርቶም ዝከታተሉ ዘለው መንእሰያት ተማሃሮ፡ ሓደ ካብ'ቲ ብቐሊል ዘየርከብ ልዑል ጸጋታት ናይ ትምህርቲ ኣለዎም ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ብኻልእ ወገኑ እዚ ኮለጅ'ዚ ስራሑ ካብ ዝጀመር ኣትሒዙ ኣትሒዙ፡ ንበዙሓት ተቐማጦ እዚ ከባቢ ብፍላይ ከኣ - ነተን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ውሽጡ ስፈሕ ናይ ስራሕ ዕድላት ዝፈጠረ ኮለጅ እዩ። እዘን ኣዴታት እዚኣተን ብጊደኣን ምስ ተመሃሮን መማህራንን ናይ'ቲ ኮሌጅ ብቐጻሊ ስለዝራኸባ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ናብ ደቀን ዘሰርጽኦ ወቓሊል ተመኩሮ ቀሊል ኣይኮነን።

**ንጸጋታትን ሰሚኣታትን ናይ'ዚ ን/ዞባ ብኸመይ ትገልጾ?**

እዚ ንኡስ ዞባ እዚ፡ ካብ ሰሚኣታቱ ጸጋታቱ እዩ ዝዓቢ። ምኽንያቱ ምስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ማለት ምስ ን/ዞባ ፊሮ ዋላ'ኳ ብናይ ሓመድ ጽርግያ እንተኾነ ብዙሓጺረ መስመር ስለዝራኸብ ስትራተጂካዊ ቦታ እዩ።

ኣውራ ኸኣ ኣብ ግዜ ሰላም፡ ማእከል መተሓላለፊ ናይ ንግዲ ካብ ወደባት ወጺኡ ብደረጃ ሃገርን ብደረጃ ዞባን ኣብ'ዛ ከተማ ዝተኻየዱ ዝተፋላለዩ ውድድራት - ናይ ኣትለቲክስ ጉያ እግርን ውድድራት ናይ ቅድድም ብሽክለታን ውድድራት ከሰሶ እግሪ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ'ዛ ከተማ ተኣንጊዱ እዩ።

**ካብቲ ኣብ'ዚ ን/ዞባ ዝተሳለሰሉ ልምዓታዊ መደባት እንታይ ይመስሉ?**

እቲ ናይ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብቐጻሊ እዩ ዝቕጽል። ሎሚ ዓመት ድማ፡ ክሳብ 350.000 ፈልሲ ክትክል ውጥን ስለዘለና፡ እዚ ማስርሕ'ዚ ድሮ ናብ ምዝዛም ገጹ ከይዱ ኣሎ። ኣብ'ዚ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክረጋገጽ ስለ ዘለዎ ከኣ፡ ብቐንዱ ምስ ሓይልታት ምክልኻል እናተወሃሃድና ኢና ንሰርሕ ዘለና። ይኹን እምበር፡ ምትካል ጥራሕ ንበይኑ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ምክንኻል ናይ'ቶም ዝተተኽሉ ፈልሲታትን ኣግራብን እውን ነድህብ ኢና። ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ'ዚ ወፍሪ ልምዓት'ዚ ኸኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓዘዘ ይኸይድ ከምዘሎ ይረኣየና።

**ዝርጋሐ መጓዓዝያን ቀረብ ዝስተ ማይ'ከ እንታይ ይመስል?**

ኣብ'ቲ ናይ መጓዓዝያ፡ ካብ ኣስመራ ክሳብ ከባቢ ኢጊላ ብዝቀጻጸሉ ጽፋፍ ናይ ቅጥራን ጽርያ ኣሎና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። እዚ ጽርግያ'ዚ፡ ካብ ኣስመራ ተበጊሱ ብሰንዓፈ ሓሊፉ ክሳብ ኣዲስኣበባ (ርእሲከተማ ናይ ኢትዮጵያ) ዝጽሕ ናይ ቅጥራን ጽርግያ እዩ። ኣብ'ዚ መስመር'ዚ ድማ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ዓዲ-ቐይሕ ካብ ደቀምሓረ ናብ ዓዲቐይሕ ካብ ዓዲቐይሕ ናብ ሰንዓፈ - መጓልታዊ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሓሪት ኣሎና።

ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ካብ ዓዲቐይሕ ናብ ኮዓቲት ከምኡ ድማ ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብታ ኣካል ንኡስ ዞባ ሰንበይቲ ዝኾነት ሓላይ ዝኸይድ ናይ ሓመድ ጽርግያ እውን ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ዕጥር-ቀብሪ ትኸይድ ሓሪት ኣላትና። ካብ ፎሮ'ውን ናብ ኦምለ ትበጽሕ ሓሪት ኣላ። እዘን ክልተ ሓሪት እዚኣተን ኣብ መንገዲ ስለዝራኸባ ኸኣ፡ ተቐማጦ ናይዘን ክልተ ኣብ በበይኑ ዞባ ዝርከባ ንኡሳን ዞባታት - ማለት ካብ ን/ዞባ ፎሮ ናብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ካብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ን/ዞባ ፎሮ - ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ኣይጸገሞምን።

ማይ ብዝምልከት፡ ኣብ ን/ዞባና ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ናይ ማይ ሽግር ኣሎና ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። እቲ ብጥጥ ዝስቲ ተቐማጢ ናይዛ ከተማ'ውን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ ኸኣ ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ካብን ናብን እናዝረት ማይ ትዕድል ሓንቲ ቦጥ ጥራሕ እያ ዘላትና።

**ህልዉ ኩነታት ኣገልግሎት ታክሲ ናይ'ዛ ከተማ. . .?**

ኣብ ውሽጢ እዛ ከተማን ናብ'ዛ ከተማ ዝቐረባ ዓድታትን ዝንቀሳቐሳ ሰለስተ ታክሲ ኣለዋና። እዘን ታክሲ እዚኣተን ኣብ ውሽጢ እዛ ከተማ ንሓደ ሰብ ብሰለስተ ናቕፋ እየን ካብን-ናብን ዝማላልሳ። ምስ ስፍሓት ናይ'ዛ ከተማ ኣዛሚደካ ክርአ እንከሎ እኹላት እየን። እዘን ታክሲ እዚኣተን ክንጸ ኣብ ውሽጢ እዛ ከተማ ዝህብኦ ኣገልግሎት ሓሊፈን ከኣ ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ኢጊላ፡ ብርሂትን ኣቡሳሎማን እውን ንሓደ ሰብ ብሽሞንተ ናቕፋ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ይህባ እየን። ስለ'ዚ ኣብ ኣገልግሎት ታክሲ ሕጽረት ኣሎና ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና።

**ናብ ገጠራት ዝቐንዐ መስመር መጓዓዝያ ሓሪትከ?**

ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ሓላይ መስመር መጓዓዝያ ሓሪት ኣሎና። ተቐማጦ ናይ'ዘን ካብ ጸለም ጽርግያ ቀሩብ ፍንትት ኢለን ዝርከባ ዓድታት፡ በተን ካብን ናብን ዝንቀሳቐሳ ሓሪት እዮም ዝጥዓሙ። ንኣብነት፡ ኣብ በዓል ሓዋጺ፡ መንደፈራ ዓዲ-ኻንታ ዝቕመጥ ህዝቢ፡ በተን ካብን-ናብን ዓዲ-ቐይሕ ኣስመራን ደቀምሓረን ዝጓዓዛ ሓሪት እዩ ዝግልገል። እቲ ክፍሊት ናይ ሓሪት ኣዝዩ ርትዓዊ ስለዝኾነ እውን ብዙሕ ዘጣርዕ ኣይኮነን።

**ኣብ ገጠራትከ?**

ኣብ እንዳቝጽጽትን ምርጋጽን ብሶላር ዝሰርሕ መዐደሊ ማይ ኣሎና። እቲ ናይ ምርጋጽ ምስ ናይ ኮዓቲት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ እዩ። እቲ ናይ እንዳቝጽጽት ግና ንበይኑ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ሸውዓተ ዓድታት ብድረል፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓድታት ብጀነረተር፡ ኣብ ክልተ ዓድታት ድማ ብሶላር ዝሰርሕ ኣገልግሎት ማይ ኣብ ገጠራት ኣሎና። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ገጠራት ዝቕመጥ ህዝቢ ናይ'ዚ ን/ዞባ ግና፡ ካብ ዒላታት'ዩ ዝጥቀም።

**ዝርጋሐ መስመራት ኤለክትሪክ እንታይ ይመስል?**

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ እቲ ዝርጋሐ ኤለክትሪክ ክንጸ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ሓሊፉ - ክሳብ ብዙሓት ዓድታት ናይ'ዚ ን/ዞባ ስለዝኸይድ፡ እቲ ዝሓሸ እዩ ኢልና ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና።

ብዘይካ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ካልኦት 14 ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ዝርከባ ዓድታት መስመር ኤለክትሪክ ኣለወን። ብቐንዱ እውን እተን ንሰንዓፈን ዓዲ-ቐይሕን ምንጪ መብራህቲ ኮይነን ዘገልግላ ጀነሬተራት፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ እየን ዘለዋ። እዘን ጀነሬተራት እዚኣተን ኣብ ወርሒ ክሳብ 165,000 ሊትሮ ነዳዲ እየን ዘህልኻ። ብመንጽር ሃልኪ ነዳዲ ክትርእዮ እንከለኻ ቀሊል ኣይኮነን። ቀሰ-ብቐስ ኩሉ እቲ ን/ዞባ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ንኽረክብ ከኣ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ።

**መስመር ኤለክትሪክ ተዘርጊሑለን ዘሎ ዓድታት ክትጠቕሰለይ?**

ሰምዲ፡ ኣውሂ፡ ብርሂት፡ መዓርዲ ሓዋጺ፡ መንደፈራ፡ ኣቡሳሎም፡ ዓዲ-ወገሪ፡ ዝባን ዝጉብ፡ ማእለውያ፡ እንባ ጭላይ፡ ተኾኖዳ፡ ምናሕን መሳልሕን ዝበሃላ ዓድታት መስመራት ኤለክትሪክ ተዘርጊሑለን ኣሎ።

**ናብ ዝርጋሐ ትካላት ጥዕና ክንምለስ?**

ኣብ'ዚ እውን ደሓን ዝኾነ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ጥዕና ኣሎና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ብዘይካ'ዚ ኣብ ውሽጢ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ዝርከብ ዓብዪ ሆስፒታል፤ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ሳፊራ፡ ኣብ ተኾኖዳ፡ ኣብ ሓዋጹን ደርዓን ኣብ ነፍሲ-ወከፈን ሓሓንቲ መደበራት ጥዕና ኣለዋ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ን/ዞባና ምስ ቅርጺ መሬት እዚ ከባቢ ክርአ እንከሎ፡ ኣብ ዝተመጣጠነ ርሕቀት ዝተደኮና - ብድምር ሓንቲ ሆስፒታልን ሓሙሽተ መደበራትን ጥዕና እየን ዘለዋና።

ወጺኡ ናብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት ይዝርጋሕ። ክሳብ ናብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ገሉብ ዝኸይደሉ እዋን ነይሩ።

**ጀራዲን ኣብ ኣየናይ ከባቢ ናይ'ዚ ን/ዞባ እየን ዝርከባ?**

እቲ ኩሉ ሰብ ካብን-ናብን ኣስመራ ዓዲ-ቐይሕ ብመካይን እናተጓዓዘ ዝርእዮ፡ ኣብ ወሰናስን ናይ'ቲ ጸለም ጽርግያ ዝርከብ ኣብ ሩባ ኣቡሳሎማ ዘሎ ጀራዲን እዩ። ንሸኻውን ክትመጽእ እንከለኻ ብዓይንኻ ርኢኻዮ ኣለኻ ዝበል ግምት ኣሎኒ። ብሓፈሻኡ ግን፡ እተን ሰፊሕ ዝርጋሐ ጀራዲን ዘለወን ዓድታት መንደፈራ፡ ኣውሂ፡ ዓዲ-ወገሪ፡ ሓይሓ፡ ሓዋጺ፡ ተኾኖዳ. . . እየን። እዘን ጀራዲን እዚኣተን ኣብ ከበባን እኹል ቀረብ ማይ ናይ ዲጋታትን ዒላታትን ኣለወን።

**ዝተታሕዙ መደባት ክትጠቕሰልና?**

ኣብ እንዳቝጽጽት ሓንቲ ዲጋ ክትሰርሕ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ኣብ ዓዲ-ካንታ እውን ንእንድሕሸን ንዓዲ-ካንታን እተገልግል ኣብ ማእከላይ ቦታ ቤት-ትምህርቲ ክትሰርሕ ተመዲቡ ኣሎ።

ኣብ መጓዓዝያ እውን ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ዓሸራ ዝኸይድ ጽርግያ ክሰርሕ መደብ ወጺኡ ኣሎ። ካልእ ከም ፕላን ተሓንጺጹ ዝተወደአ እዚ ንከተማ ዓዲ-ቐይሕ ኣብ እዋን ክረምት ንምዕራብን ንምብራቕን ዝፈርጽ - ተቐማጦ ናይ'ዛ ከተማ 'ቃላይ ጥኑዕ' ኢሎም ዝጽውዕዎ ቦታ እዩ። ዚ ሽግር እዚ ብመትረብት ንምፍታሕ መደብ ተታሒዙሉ ኣሎ።



**ናብ ኩነታት ማሕረስን ዘራእትን ክምኡ'ውን ብማሳና ዝለምዕ ጀራዲን ክንሰግር?**

ኣብ'ዚ ን/ዞብና ዳርጋ ኩሉ ዓይነት ኣዝርእቲ እዩ ዝዝራእ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ - ስርናይ፡ ሰገም፡ መሽላ፡ ዛንጉዳ፡ ዕፉን፡ ባልደንጓ፡ ጣፍ፡ ዓይኒ-ዓተር፡ ብርስን፡ እንጣጢዕ. . . ወዘተ፡ ኣብ'ዚ ንኡስ ዞባ ብሓረስቶት ተዘሪኦም ካብ ዝበቕሉን ዝሕፈሱን እዮም። ሎሚ ዓመት ከኣ ደሓን ዝኾነ እቶት ክንሓፍስ ተስፋ ንገብር።

ጀራዲን ኣብ ዝምልከት፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣዚና ኢና ንቕድሚት ሰጉምና ዘለና። እቲ ኣብዘን ዘለዋና ጀራዲን ዝፈሪ ፍርያት፡ ንህዝቢ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ምሉእ-ብምሉእ ኣፅጊቡ ንኻልኦት ንኡሳን ዞባታት ዝምግብ ፍርያት እዩ ዘሎና።

**ኣብ'ዘን ጀራዲን እንታይ ዓይነት ፍርያት እዩ ዝፈሪ?**

ኣራንሽ፡ ፓፓዮ፡ ዘይትቦን፡ ለሚን፡ ድንሽ፡ ኮሚደረ፡ ሽጉርቲ፡ ካውሎ፡ ሳላጣ፡ ቁስጦ፡ ካሮት፡ ገዕበርበረ፡ ኣእካልን ጥረታትን፡፡ ብፍላይ ኣብ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ብደረጃ ሃገር ተዋዳዳሪ ዓቕሚ ኣሎና ኢልና ደፊርና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ኣስታት 1500 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ክሕዝ ዝኽእል መኻዚኖ ድማ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ኣሎና። እዚ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ካብ'ዚ መኻዚን እዚ ካልእ ብምብራቕ ወገን ናይ'ዛ ከተማ 'ደሺ-ሚላ' ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ቦታ፡ ተቐማጦ ናይ'ዛ ከተማ ድማ 'ባሕሪ ልቢያ' ኢሎም ዝጽውዕዎ - ኣብ ክረምቲ ብማይ ዝዕለቕልቐን ንተቐማጦ ዘሸግርን ቦታ ኣሎ። ዚ'ውን እቲ ማይ ሸዑ-ንሸዑ ብቢንቶታት ኣቢሉ ከም ዝኸይድን፡ ናብ መዓላ ከም ዝውዕልን ንምግባር፡ ውጥን ተታሒዙዎ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ጥዕና ንምስፋሕን ንምድንፋዕን ኣብ ውሽጢ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ሓደ መወከሲ ሆስፒታል ክስራሕ ዝተወደአ መደብ ኣሎ።

**ከም መዛዘሚ እትብሎ እንተሎ?**

ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ክኸዶ ዝጸንሐ መደረኻት ቀሊል ኣይኮነን። ንኹሉ ናይ ግዳም ተጻብኦታትን ሽርሒታትን መኪቱ እዩ ክገዓዝ ጸኒሑ።

እዚ ሕጂ ረጊጽናዮ ዘለና መድረኽ፡ ተስፋ ዝሁብ ትስፉው መድረኽ ስለዝኾነ፡ ንሕና ከም ህዝብን መንግስትን ልዕሊ ናይ ትማሊ ሎሚ ደረጃ ንቕሓትና ብዝሓየለ መልክዑ ክብ ኣቢልና፡ ኣብ ምልማዕን ምክልኻልን ሃገር ኣድሂብና፡ ኣብ'ዛ ብመውጋእትን መስዋእትን ዝመጸኣት፡ ብመውጋእትን መስዋእትን ዝተዋሕሰት ሃገር - ዘላቒ ምዕባለ ንምፍጣር፡ ኣብ ኩሉ ጽላታት ሃገር ልዑል ዝደረጃኡ ኩሉ-መዳያዊ ሱታፌና ክረጋገጽ እላቦ።



ሻባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መዓልቲ ጓሳ ኣብ ክረምቲ

መም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ



ሕጂ ኣብዛ ህሞት ኣብ ቤት ሻሂ ስማፕ ትካል ትምህርቲ እየ ዘለኹ። ኣስመራ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ናብ ቤት ሻሂ ስማፕ ከይበጻሕኩ ኣይኮነለይን። ንሎሚ ብፍላይ ምስ ክራምቲ ንኽዕልል ዝገበረኒ ግና ዝኣዘዝክዎ ብራሕን ውዕዩቲ ፒሳን እየን። ንድሕሪት ናብ ግዜ ናይ ቍልዕነት ጉስነት እዩ መሊሱኒ። እቲ ብራሕ ሓፊሱ፡ ብንነቕ ካብ ዝተዓጥነ ኣልባ ዝተቐድሐ እንክመስል ሃንገፍ በለኒ። ካብታ ኣሳስይት ክቕበሎ እንክለኹ ክሳዕ ዓንቀሩ ዝመልአ መኽደን ኣልባ'ምበር ብኬሪ ይርኣየኒ ኣይነበረን። እታ ኣሳሳይት እንታይ ኰይነ ኣለኹ ክትፈልጥ ኣቓልቦ ኣይገበረትን። ሓቃ እያ ኣቐዲማ ዝግባእ ሰላምታ ሂባትኒ'ያ። ዝኣዘዝክዎ ሂባ ንኻልኦት ንምእንጋድ እዩ ኣብ ርእሳ ዝነበረ። እቲ ድሮ ብኣስናነይ ጕሚደ ክሕይኾ ጀሚረ ዘለኹ ፒሳ ውዑይ ብምኳኑ ንሱ'ውን ዝሓደገለይ የብሉን። እቲ ኣደይ ወላዲተይ ኩቡቲ ሓሊበ ምስ ወዳእኩ ምስ ዓፍዓፍ ዝብል ሓድሽ ንእለቱ ካብ ቶፋ ዝተቐድሐ ብራሕ ኣብ መኽደን ቶፋ ገቢራ፡ ካብ ሞቐሎ ገና ኣጸቢቑ ዘይደረቐ ብውሕሉል ኢዳ ዝተቘርጸ ስላም ውዑይ ቅጫ መሸላ ኣብ ኢደይ ሁብ ምስ ኣበለትኒ ጕምድ ኣቢለ ኣፈይ ንዘመሸሎቑኒ ዋዒኡ ብዝሑል ብራሕ ዝድብሶ እሞ ፍጹም ባህታ ዝፈጥር ቀዳማይ ውህብቶ እታ መዓልቲ ኣብ ዝኽረይ ቅጅል በለኒ። መኽደን ኣልባ ገፊሕ ብምኳኑ ነቲ ብጠምጠም ዝሰተኽዎ ብራሕ ንምድራዝ ቀልጽመይ ናብ ኣፈይ ምስ ኣቐረብክዎ'የ ብብኬሪ እሰቲ ከም ዘለኹን ኣብ ከናፍረይ ዝኹነ ዝተጸየቐ ብራሕ ከም ዘየለን ዝፈለጥኩ። እቲ ኣብ ኢደይ ጕሚደ ኣብ ኣፈይ ኣእትየዮ ዝነበርኩ ፒሳ'ውን እቲ ገና ናብ ምድፍናቕ መሊሱኒ ዝጸንሐ ቅጫ ኣደይ ከም ዘይኰነ ብዝፈለጥኩ፡ ንምንታይ ካብ ዝኽሪ ተመሊሰ ሕርቕ ሕርቕ በልኩ። ደጊም ናብ ዝኽሪ ብገዛእ ፍቓደይ ክምለስ ነበረኒ። ግዳ ናብ ኣእምሮይ ዘዘመጽኣኒ ምጽሓፍ እምበር ብምድፍናቕ ከይከይድስ ኣእምሮይ ነቒሑን እዚ ቤት ሻሂ ብወጃዕጃዕ ዝተፈላለየ እንግዶት ሒዞም ዘዕልሉ ሰባት ቅጽጽ ኢሉ ነበረ። ኵሉ ኸኣ ብራሕ ኣዚዙ ነበረ። ከማይ ኣብ ዝኽሪ ዝነበረ ግን ኣይመስልን።

***

ክራማት ኰይኑ ምስ ሞሳቶይ ናብ በረኻ ምስ ከድና እቲ መጀመርያ እንገብሮ፡ ካብ ገዛ ብግስ ክንብል እንክሎና እዩ ጣዕሚ እቲ ብጥላለት ጥሪትና ዝጀመረ ብሩኽ መዓልቲ ብጸወታት ዝሰኸ። ጥሪትና ናብ ኣየናይ በረኻ ንወስደን ምምራሕ ኣየድልየንን እዩ ናብቲ ባህ ዝበለን በረኻ ባዕላተን እየን ዝወስዳና። ኣበይ እንታይ ይረኽባን መኣስ በየናይ በረኻ ይወፍራን ዝውስና ንሳተን'ምበር ንሕና ኣይነበርናን። ሎሚ ኰይኑ ክሓስቦ እንክለኹ፡ ኣነ ኸም መምህር ደድሕሪ ተመሃሮይ ድዩ ዝኸይድ ዋላስ ንሳቶም ደድሕረይ ይኸዱ ክሓስብ ገቢሩኒ ኣሎ። ጥራይና ኣብ ዝወሰዳና ስለ እንኸይድ ስለ ዝኾነ ንሕና ብድሕሪኣን እናሰዓብና ጸወታና ብኣሸኩቲ ኢና እንጅምሮ። ኣሸኩቲ ብበትሪ ዝጽወት ጸወታ ኰይኑ ካብ ሓንቲ ዝተወሰነት ቦታ ኵላትና መዋፍርቲ ንበትርና ብርእሱ ናብ መሬት ብምድርባይ እናተገማጠለ ንዝተወሰነ ርሕቀት ምድርባይ እዩ። ኣብቲ ዝተገብረ ኣደራባይ ድማ ናይ መን ዝረሓቐት ከይዳ ርኢና ንመጀመሪ ጸወታ ንጥቀመላ። ኣብቲ ጸወታ ነታ ዝተደርበየት በትሪ ካብታ መጀምርያ መሬት ተንኪፋ ዝተደርበየትላ ብምኳን ክትጭመት ትግበር እሞ እቲ ዝሰሓታ ነቲ ደርባዪ በትሪ ክሳዕ በትሩ ወይ ሸቲቱ ዘላቶ ቦታ ይስከሞ። እዚ ጸወታ ብዘይካ መን ተሰከመ ጥሪትና ኣብ መገዲ ናብ ግራውቲ እናኣላገሳ እውን ስለዝኸዳ መን መለሰን በቲ ዝኸድኦ መገዲ ኣላጊሰን ንዝተረፋን ዝመልስ እውን በቲ ጸወታ እዩ ዝትግበር። ኣብቲ እኹል ዝብላዕ ሳዕሪ ዝረኽባሉ ቦታ ምስ ተበጽሐ፡ ነቲ ብኣሸኩቲ ዝጀመረ ጸወታ ናብ ያህለልን ኩርሸባዕን ይሰግር።

ጥራት ኣብቲ ሳዕሪ ዝተነጽፎ ሜዳ ኹዕሶ እግሪ ዘመስል ጕልጕል ፋሕ ኢለን ጉዳይ ምምላእ ኩብደን ክገብራ እንክለዋ፡ ንሕና ድማ ጉዳይ ጸወታና ንገብር። እቲ ናይ ያህለል ጸወታ ወይ "ብቐያሕ ጸላም ዝባበት ትግላም" ብዝብል ጸወታ ወይ ከኣ ብኣሳናዳው በትሪ እዩ መን ቀዳማይ ሃረምን መን ወፈረን ዝፍለ። ካብዚ ዝተባህለ ኣማራጺ ሓዲኡ ብምምራጽ ድማ ጸወታ ይጅመር። ጸወታ ዝጅምር ጋንታ ወይ ሰብ "ያህለል" ይብል እሞ እቲ ዝቕበል ዘሎ ሰብ ድማ "ተኹብለል" ይብል፣ እቲ ነታ ክንዲ እመት እትኸውን ብሸቲት እትህረም ያህለል ኣብ በትሩ ኣማሳቒሉ ንላዕሊ ሓፍ ብምባል ናይ ሓይለቦኡ ይሃርማ፣ ተቐባላይ ከኣ ነታ ዝተወቕዐት ያህለል በቲ ኣብ ኢዱ ዝሓዞ ሸቲት ክሃርማ ብምባል ናብቲ እታ ያህለል ዝኸደቶ ኣንፈት ኣቢሉ ይድርቢ። እንተ ወቒዕዋ እቲ ጸወታ ይውዳእ እሞ ተራ ናቱ ያህላል ምባል ይኸውን፣ ናብ መቐልዒ ነቑጣ ተመሊሱ ከም ብሓድሽ ይጅምር። ክጭምታ ኣይከኣለን እንተ ኰይኑ ድማ ካብታ ዝወደቐታ ቦታ ናብቲ እቲ ቀድማይ ወቓዒ ዘለዋ ቦታ ይድርብያ፣ ካልኣይ ዕድሉ ይፍትን። ኣብቲ መቐሊዒት ቦታ ሓንቲ እምኒ ኣላ፡ ንሳ መነጻጸሪት እያ። ነታ መነጻጸሪት እምኒ እንተ ሃሪምኪያ ተዓዊትካ ጸወታ ናባኻ ይምለስ ማለት እዩ። እንተ ዘይሰለጠ ኸኣ ከመይ ኣቢልካ ዝበዝሐ ጕላት ከይኣትወካ እሞ እቲ ጸወታ ካብ ዝእዝዞ ጠለባት ክትድሕን ምጕያይ እዩ። እዚ ማለት እታ ዝደርበኻያ ያህለል እቲ መጻውትኻ ብትሕዞ ጨሚቱ ናብ ዝነውሐ ርሕቀት ክሰዳ እዩ ናቱ ዕላማ። ከምኡ ምስ ገበረ ድማ በታ ሒዝዋ ዘሎ ሸቲት ብምግባር ንርሕቀታ ክንደይ በታ ሸቲቱ ኰይና ይዕቅን እሞ ንሳተን ጕላትካ ይኹና። ስለዚ ድማ እዩ ናብታ መነጻጸሪት እምኒ ኣብ ዝቐረበ ቦታ ክትጉብራ ዝጸዓር። እቲ ጸወታ ኸምዚ እናበለ ይቕጽል። ጸወታ ቅድድም እዩ፣ መንፈስ ውድድርን ክእለት ጨመተን እትመሃረሉ መድረኽ ቍልዕነት። ጥራይና ዝኣኽለን በሊዐን ምስ ኣእከላ ኣብቲ ማእከለ እቲ ሳዕሪ ክድቅሳን ኣርሓታት ንሓድሕዶም ንምውጋእ ብጣዕሚ ናቒታቶም ንጸወታ ክዕጅብዎ ምስ ጀመሩ፡ ቃልሲ ኣብዑር ጀሚሩ ናይ መን ኣሕመቐ ንምርኣይ ጸወታ ይብተንን ካልእ ውድድር ይቕጽልን። ብድሕሪ'ዚ ዝቕጽል ናይቲ መዓልቲ ጉዳይ፡ ጉዳይ ምሕንባስ'ዩ።

ናይ ምሕንባስ ዕላላት ጸዊኻ እውን ኣይውድኡን። ምኽንያቱ ኣብቲ ከባቢ ጥሪት ዘለዋኦ ድጕብ እንተ ዘይሃልዩ፡ ጓሶት ተኣኪብካ ናብ ድጕብ ዘለዎ ቦታ እዩ ዝኽየድ። ኩቡቲ ንምሕላው ዝተርፉ ንኣሽቱ ገዲፍካ እቶም እኽል ዘዝበልካን ብባእሲ ዝመለኽካን ናብ ድጕብካ እቶም ንኣሽቱን ንባእሲ ዘይተፈጥሩ ፈረሓትን ድማ ኩብቲ ይሕልዉ። ኣብ ዓይኒ ሓቂ እቶም ዝበዝሐ ግዜ ጥራቶም ዘየጥፍኡን ዘየዝርዑንስ እቶም ፈረሓት እንብሎምን ንኣሽቱን እዮም። የግዳ ነታ ምሸት ድኣሎም ዝንኣዱ እምበር ንጽባሒቱ ንግሆስ ስለምንታይ ብግቡእ ዘይሓለውን ጥሪት ኣዝሪየምን ካብቶም ንምሕንባስ ዝኸዱ መለኽቲ ምግራፍ ኣላቶምን እያ። ከይደግሙ ኣፈራሪኻ ድማ ናብ ምሕንባስካ። ሓንባሲት መቸም ባህታ ዝፈጥር ዘየስልቹ ጸወታ እዩ። ካብ በሪኽ ደንደስ ናብ ድጕብ 'ቶፎ' ምዝላል፡ መን ኣብ ታሕቲ ዓቐሊ ገቢሩ ዝነውሐ ጸንሑ፡ ኣጠላላቕ፡ ኣጫዳድ (ማለት መን ቀዲሙ ካብቲ ሓደ ደንደስ ናይቲ ድጕብ ናብቲ ሓደ ደንደስ ቀልጢፉ በጽሐ) ወዘተ ገለ ካብ ፍቱዋት ጸወታታት ምሕንባ እዮም። ናይ ምሕንባስ እቲ ዝኸፍአ ነገሩ፡ እቲ ማይ ሓሬት ስለዝኾነ ገጽካ ስለ ዘፋሕሽዎን እዩ። ስድራቤት ኣብ እዋን ክረምቲ ደጋጊሞም ዝላበውዎ ነገር እንተ ሃልዩ ቀዳማይ ፈጺምካ ከይትሕንብስ ክኸውን እንክሎ፡ ካልኣይ ድማ ጥሪት ከይዘርዓን ማይ ክራማት ከየርከቦካ ገዛኻ ምምላስን እዩ። ጓሳ ኣብ ዓዲ እትናፍቓ ዘይትወፍር ጕርዞ ሃልያን ካልእ ማልእ ለሚድካን እንተ ዘይኩኑ ግና ክልቲኡ ካብቲ ዘይትግበር ለበዋታት ወለዲ እዩ። ስለዚ ከም ዝሓንበስካ ከይትፍለጥ ምእንቲ ምራቕካ ክሳብ እትውድእ ብጥፍጣፍ ገጽካን ኣካላትካን ምሽባጥ እዩ። ከምኡ ክንገብር ክንደይ ጥፍጣፍ እሞ ኣብ ኑብስና ቅብኣ ኰይኑ ዘይጠፍአ። ዋላ እዚ ኹሉ ናይ ጥፍጣፍ ስርሒታት ተኻይዱ ግና ምፍላጥስ ኣይተርፍን እዩ። እቲ ቀዳማይ ፈጺሙ ዘይጸርን መኽሸፍን ክፋል ኣካላት ርእሲ እዩ፣ ጸጕርና ኣብ እዋን ትምህርቲ ተቘሪጹ ኣብ ክራማት ጥራሕ ናይ ምንዋሕ ዕድል ስለ ዝረክብ፡ ካብ ምሒር ደጋጊምካ ምሕንባስ ፋሕሸዩ እዩ ዝኣቱ። ገለ ጕረሓት ግን ልኻይ ተለኽዮም ወይ እውን ሰሪቖም ስለ ዘወፍሩ ፈጺሞም ኣይፍለጡን ነበሩ። ወይለና ብዓል ኣነ ድማ ሽሑር ኣለዎም ንብሎም ነበርና። ኣእዛን እውን ካብቶም ሕጂ ኰይነ ክሓስቦ እንክለኹ መፍለጢና ምንባሩ ይዝከር። ወለድና ኣይሓንበስኩን ኢልና ክሕድ ምስ ኣበልናዮም ኣእዛንና ቍርጥጥ ኩብሉና እንክለዉስ ምልክት ኮታ እዩ ነይሩ። ንኻልእ መዓልቲ መፍለጢ ክኾኖም ግና ፈጺሞም ብምንታይ ፈሊጦምኻ ኣይነግሩን እዮም። ጥሪት ተዘሪዐን ወይ እውን ኣራዊት እንተ በሊዑልካን ድማ ብልምሉም ስላዕ ጋባ መቐመጫኻ ምምሽላቑ ኣላ። እዚ ኹሉ ግና ካብ ምሕንባስ ኣይከልክለናን።

እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ክራምቲ ጸወታ እቶም ካብ ምሕንባስ ዝተኸልከሉ ንኣሽቱን ብባእሲ ተሓመቕትን ዝጻወትዎ ጸወታ እዩ። ጸወታ ሓንዳይ፡ ገበጣ፡ ያላኻ ያላኻ ወዘተ እዩ። ሎሚ ደኣ እዚ ክራማት እንታይ ኰይኑ ደንጕዩ ኣይፈልጥን እምበር ኣብቲ ሸው ግዜስ ወለድና ገበጣ ኣይትጻወቱ ማይ ምህራም ከይኣቢ ይብሉና ነበሩ። ሓንዳይ ዝበዝሕ ግዜ ኣዋልድ ዝጻወትኦ ጸወታ'ኳ እንተኾነ ኣወዳት እውን ኣይገድፍዎን እዮም። ኣጋ ምሸት ኰይኑ ሰማይ ክደባብን እንተ ጀሚሩ ገለ ጓሶት ማይ ንኸይሃርም ገበጣ ይጻወቱ እዮም። ምኽንያቱ ዝናብ ኣብ ዝሃርማሉ ግዜ ንፋዕ ጓሳ ንኽትብሃል ኣብ ርሑቕ በረኻ እንተ ጸኒሕካ ብዝተኻእለካ መጠን ካብ ርባታት ሰጊርካ ክትጸንሕ ኣሎካ። ያኣይ ንኸምዚ እዩ ንኣባጅጎ ንምግጋይሲ ገበጣ ትጻወት፣ ግርም ጕርሒ ነበረ። ከምኡ እንተ ዘይገበርካ ድማ ኣኽለ ኣብ በረኻ ምሕዳርካ እዩ። እቲ ካልእ ዝኸፍአ ሸነኽ ድማ ማይ ምስ ሃረመ ጥሪት ኣብ ወላኻ መሬት ኣብ ጭቃ ክትሓዛ ይኽእላ እየን። ንኣኣተን ንምውጻእ ዝግበር ኵለል ድማ ኣደኡ ትድለዮ። ኩብትኻ ኣብ ጭቃ ተታሒዛ ማለት ድማ መስሓቕ ጓሶት ዓዲ ምኳን እዩ። ምኽንያቱ ኩተጽግበን ስለ ዘይክኣልካ እየን ተታሒዘን ዝብል ዕላል ምጻሩ ኣይክኣልን።

ብዝኾነ እታ መዓልቲ ናይ ክራማት ብዘይካ እዚ ኻልእ ብምግባር እውን ትውዓል እያ። ኣጽጊቢት፡ ዓንቋ፡ ኣሸንጦ፡ መሰቓ፡ ቃንጥሻ፡ ወዘተ ክትፍትሽ ኣሎ ዝብሃል ካልእ ናይ በረኻ ናይ ክረምቲ ፍረታት ክትብልዕን ንገዛ ሒዝካ ክትኣቱ እውን ኣብ ኩለል ይወዓል ነበረ።

ልክዕ ከም መዓልቲ ጕስነተይ ኣብ ግዜ ንእስነት ድማ እታ ብዝኽሪ ብራሕ ዝጀመረት መዓልቲ ገና ብቐትሩ እንክሎ ዝናብ ጀሚራ ይእኽልካ በለትኒ። ብራሕ ስማፕ ዝወለደቶ ዝኽሪ ወፍሪ ክራማት ንእስነት።






# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ከዋኽብቲ ስነ-ጥበብ ዝዝክር ሕብረተሰብ፡ ከዋኽብቲ ስነ-ጥበብ የፈልፍል

*"ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራውያን መዚቀኛታት ተጠርኒፉ ኪዱ ተበጊሱ ዘሎ ብዝኽሪ ከዋኽብቲ ዝጸዋዕ ኣካል፡ ብምኽንያት ማዕል 25 ዓመት ዝኽሪ ደምጻዊ የማነ ገብረሚካኤል ዝጀመር ግን ከኣ ንኹሎም ኣብ ምህዞ ስነጥበብ ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም ንዝሓለፉ ከዋኽብቲ ዓውደ ዓመት ሕልፈቶም ብምቑጻር ንኣበርክቶኦም ዝጸምብልን ንቀምሃገር ስርሓቶም ዝኸልፅን መደብት ኮይኑ ተበጊሱ ኣሎ።"*

እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብቲ ማሕበር መዚቀኛታት ኤርትራ መደብ ዝኽሪ ከዋኽብቲ ከካይድ ዝወጠኖ እዋን ናብ ሚኒስትሪ ዜና ካብ ዝጸሓፎ ዝተወሰደ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ'ዚ ብዛዕባ'ዚ ክካየድ ኣብ ምድላው ዘሎ መደብ "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ስነጥበብ ኤርትራ" ዝገልጽ ጽሑፍ ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ድማ ሓፈሻዊ መብርሂ ብዛዕባ'ቲ መደብ ዝድህስስ ምስ ገለ ካብ ኣካየድቱ ዝገበርናዮ ዕላል ነቕርብ።



መሓመድ ዑስማን

**ዕላማ ናይዚ "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ስነጥበብ ኤርትራ" እንታይ እዩ?**

**ደምጻዊ መሓመድ ዑስማን** (ኣቦመንበር ማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት)፤ እቲ ዕላማ ብመሰረቱ ንኹሎም ኣብ ስነጥበብ ኤርትራ ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ከዋኽብቲ ንምዝካር ዝዓለመ'ዩ። እዚ ድማ ከም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝግበር ዓቢ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣፍልጦ ንምሃብ ('ተክሪም' ደብዛል ብቋንቋ ዓረብ) እዩ። ማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ'ኳ ከም መደብ እንተ ሓዚ ከይተግበሮ'ዩ ጸኒሑ። ሎሚ ግን በዚ ናይ የማነ - ብዋዕሳት ዝተበገሰ ጀሚርና፡ ንኹሎም ከዋኽብቲ ስነጥበብ - ዘለዉን ዘየለዉን - በብእዋኑ ኣፍልጦ እናሃብና ክኽይድ ተበጊስና ኣሎና። ከምዚ ተጀሚሩ ዘሎ፡ ታሪኽ ህይወትን ኣበርክቶን ናይቲ ዝዝከር ስነጥበበኛ ኣብ ኩሉ መዲያት ናይዛ ሃገር ኣብ ግዝዓት ዘእተወ መደብት ክካየድ እዩ።

ኣቐዲምና ንእሸተይ ቤት-ማዘከር ስነ-ጥበበኛታት ክንከፍት'ውን ኣብ መደብ ዝጸንሐ'ዩ። እዚ ዝያዳ ስእላዊ ኩይኑ ሓጺር ታሪኽ ህይወቶም ዝሓዘ ክኸውን'ዩ። እዚ፡ ሓደ እዋን ብጠለ ብዙት ዝተበገሰ ሓሳብ'ዩ። ሽዑ ሓደ ፕሮጀክት ኣጠኒስና ነይርና። ግን እቲ ባጀት ስለ ዘይተረኽበ ተደናጒዩ። ከም ሓደ ኣካል ናይ ዝኽሪ ከዋኽብቲ'ዩ። እቲ ቤት-ማዘከር ስነጥበበኛታት ምስ ኣዳለናዮ፡ ሰባት ብቐጻሊ እናመጹ ዝርእይዎ ስለ ዝኸውን ህያው እዩ።

**ስነጥበበኛ ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር**

እቲ ዕላማ ብመሰረቱ፡ ከምዚ መሓመድ ዑስማን ዝበሎ ካብ ቀደም ዝጸንሐ መደብ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ናብዚ ሕጂ ኣጠኒስናዮ ዘሎና ግብራዊ መደብ ዝደፋኣ ማዕል 25 ዓመት ዝኽሪ ዕረፍቲ የማነ ገብረሚካኤል፡ ብጠለ ግዱሳት ፈተውቱ፡ ስድራቤቱን ብጾቱን ብወልቆም መደብ ዝኽሪ ክገብሩሉ ዘበገሱዎ ሓሳብ እዩ። እዚ ከም ኣርእስቲ ምስ ተላዕለ ነቲ ሓሳብ ኣብ ሓደ ኢጋጥሚ፡ ወዲፈራዳይ ንብጻይ ዘምህረት የውሃንስ ኣካፊሉዎ። ድሕሪኡ ምስ ብጻይ ዘምህረት ርክብ ተገይሩ። እቲ ዝቐረበ ሓሳብ ዝያዳ ማዕበለ፡ ንኹሎም ከዋኽብቲ ስነጥበብ ኣብ መደብ ዘእተወ ክኸውን ድማ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ። ስለዚ፡ እዚ ማጠቢ ሓሳብ ዝኸውን 'የማነ' ዝበቕዕ መደብ ክግበር፡ ኣብኡ ደው ከይበለ ኸኣ ንኹሎም ከዋኽብቲ ብስሩዕ መደብ ዝኽሪ ክግበረሎም ኣብ ዝብል መረዳእታ ተበጺሑ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ምስ ሚኒስትሪ ዜናን ኮምሽን ባህልን ስፖርትን እውን ምዝርራብ ተገይሩ እናማዕበለ ኸይዱ። ዝተፈላለዩ ንዕኡ ዝገልጽ ናይ ምልላይ መደብ ኣብ ማዕከናት ዜና'ውን ቀሪቡ። በዚ ዝጀመረ እቲ መደብ፡ ሕጂ ናይ ብሉቒ ኣድማዒ ኩይኑ ኣሎ ክንብል ንኽእል። ብሉቒ ድማ ቅዱስ ስራሕ'ዩ። እዛ ድርኺት ዝፈጠረት ማዕል 25 ዓመት ዝኽሪ የማነ ትኸውን ደኣ'ምበር፡ ንኹሎም ዝዀበሩዎም ሞያውያን ንምዝካር፡ 25 ዓመት ዘጸቢ የብልናን። ስሩዕ መደብ ብምሕንጻጽ ንኹላቶም ዝዀበሩዎም ክንዝክሮም ኢና። ንገለኦም በበኽልተ/ሰለስተ ገይርካ ብሓንሳብ ክዝከሩ ይኽእሉ። ንቐጻልነት ናይዚ ብወለንታውያን ዝተበገሰ መደብ፡ ማሕበር መዚቀኛታት ርእሱ ዝኸኣለ ባጀት ክረኽበሉ ኣለዎ። ኣዝዩ ዓቢ ዝኸውን ሃገር'ዩ፡ ጸቡቕ ከኣ ከይዱ ኣሎ። ናብ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ህዝብና ተዘርጊሑ ድማ ኩሉ በብዓቕሙ ከም ዘበርክት ይግበር ኣሎ።

**እዚ ናይ መጀመርታ መደብ በቲ ማጠቢ ሓሳብ ዝኾነ የማነ ገብረሚካኤል ይጅምር ኣሎ። ብድሕሪኡ እቲ ምምርጻ ርጃሒ ወይ ማዕቢ እንታይ እዩ ክኸውን? እቲ መደብ ዝኽሪ ዝግበረሉ ወይ ኮኾብ ዝኾመ እንታይ ዝግልጾ እዩ?**

**መሓመድ ዑስማን፤** ሓደ፡ ንኹሉ ኣብ ስነጥበብ ዝተሳተፈ ዝምልከት ኣይኮነን። ከዋኽብቲ ዝበሃሉ፡ ኣበርክቶኦም ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገር ካብቲ ካልእ ወጻኢ ዝኾነ'ዩ። ኣብ ታሪኽና፡ ከዋኽብቲ ክንብሎም እንኽእል ብዙሓት እዮም። ድሕሪት ተመሊስካ ክትርእዮ እንኽለኻ ብዙሓት መምህራን ስነጥበብ ኣለዉና። መን'ዩ ኮኾብ? መኣስ'ዩ ነይሩ? እንታይ እዩ ኣበርኪቱ? ንዝብል ሕቶ፡ ፈጻሚት ኣካል ናይዚ መደብ ተኣኪቦም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ኣሳቲፉን እትውሰኖ እዩ። ድሕሪዛ እኣካይዳ ቀዳመይቲ መደብ ንኣብነት፡ ኣብ ዝመጽእ መደብ ዝኽሪ ዝግበረሎም ክልተ/ሰለስተ ሕጹያት ኣለዉና። ካብቲ ናይ ቀደም ብዙሓት ክንስሞ ንኽእል፡ ናይ ጊድሊ ከዋኽብቲ ስነጥበብ እውን ኣለዉና፡ ካብዞም ናይ ሕጂ መንእሰያት ከኣ ኣለዉ። እቲ ቁጽሪ ብዙሕ'ዩ። ግን መደብ ስሪዕና፡ ቀዳምነት እናሃብና ኣብ ኩሉ ቋንቋታትና ወጻኢ ዝበለ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ክንዝክር ኢና። ብርግጽ ብዙሓት ዝፍረዩ ኣለዉ። ግን መን'ዩ እቲ ኮኾብ? ንዝብል ብዝተን ክትዕን ክኢላታት ክንምልሶ ክንፍትን ኢና።

**ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር፤** መማዚኒ ኣሎ። እቲ ዝኽሪ ኑዮም ናይ ቀደም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣዮም ትማል ዝተፈለዩና ደቅና ከይተረፈ በቲ ዝገበሩዎ ኣበርክቶ ዝኽሪ ክግበረሎም እዩ። ኣብቲ ንኣስ ዕድሜኦም ከዋኽብቲ ክበሎም ዝኽእል ብቕዓት እናሃለዎም ቀልጢፎም ዝተኸልፉ ኣለዉና። ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ፡ ንዝኸሉ ንምዝካር ኣይኮነን እቲ ዕላማ። ኩሉ ዘበርከተ ብኣበርክቶኡ ክምስገን ጸቡቕ'ዩ። ግን ኣብቲ ስነጥበብ ወጻኢ ዝኾነ ብሉጽ፡ ንወለዶታት ዘራኸበ ዕዮ ዝበርከቱ ኢና ብዓም ኩሉ ክንዝክር ንብል ዘሎና።

**ከዋኽብቲ ስነጥበብ ክንብል እንኽእል ኣብ ኩሉ ዓሌት ስነጥበብ ዝበርከቱ ዲና ክንዝክር? ስነጽሑፍ፡ ቅብኣ፡ ድራማ፡ መዚቃ/ደርፊ ወዘተ.?**

**መሓመድ ዑስማን፤** እዚኣ ቁሩብ ምብሳል እተድልያ ጉዳይ እያ። ንሕና ማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት ኣብ መዚቃ፡ ደርፊ፡ ትልሂት፡ ናይ ደርፊ ግጥሚ፡ ዜማ ንዘለጥፉ ክንውክል'ዩ ማሳል ዘሎና። እዚኦም እዮም ድማ ኣቦት ማሕበር። ስነ-ጥበብ ክበሃል እንከሎ ግን ሰፊሕ'ዩ። ኣብቲ ዓቢ ማጠቢ ሓሳብን ከሜቲ ኣብ 'ሎጎ' ናይዚ መደብ ጠቕሲናዮ ዘለናን "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ስነጥበብ" ዝብል ሰፊሕ ሽፈኑ ዝሓዘ'ዩ። በዚ ሕጂ ጀሚርናያ ዘለና ግን ኣብ ደርፍን መዚቃን ኢና ከይድህብ። ንጀምር ኢና ዘለና፡ ናብቲ ዝዓበየ ዕላማ ክንበጽሕ ከኣ ጸገም የለን። በዚ ጀሚርና ናብ ኩሉ ክንበጽሕ ዝከኣለና ክንዝክር ኢና። ብዓበኡ ባጀት እንተ ተዋሒሱ ንኹሉ ዘይንገብረሉ ምኽንያት የለን። ዝተት ንደፍእ ኣለና። ኩሉ ሰብ በበዓቕሙ ዘበርከተሉ ኣጋዙብ ንምፍጣር፡ ድሮ'ውን እቲ ርክባትን ንጥፈታትን ተጀሚሩ እሎ። ኣብ ደገ ዘለዉ ግዱሳት ሃገራውያን እውን ብወገኖም ይሰርሑ ኣለዉ።

**ክሳዕ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ንጥፈታት?**

**መሓመድ ዑስማን፤** ንመደብ ዝኽሪ የማነ ብዝምልከት እቲ ምድላዋት ጸቡቕ ይኸይድ ኣሎ። ዝኽሪ ብዑት፡ መርሓቲ፡ ስድራቤት፡ ፈተውቲ የማነ ዝሓዘ ኣብ መጀመርታ መጽሓፍት ዝተሓሰበ ደሓር ግን ናብ መጽሓፍ ክምዕበል ኣለዎ ዝተባህለ ስራሕ ኣብ ምድላው ኣለና፡ ኣብ መዚቃ፡ 11 ደርፍታት የማነ ተመሪጸን ንጉጅለ "ሪም ከዋኽብቲ" ተዋሂበን ኣለዋ። ደረፍቲ ተመሪጾም እዮም። ስለዚ፡ እቲ ንጥፈታት ተጀሚሩስ ኣብ ጸቡቕ ደረጃ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ኣቐዲምና'ዩ ክካየድ ተሓሲቡ ነይሩ። ኣብ መንጎ ናብ ሃገራዊ በዓላትና ስለ ዘበልና ቁሩብ ግዜ ወሲድና።

ዝርጋሐ ናይቲ መደብ ናብ ኣብ ደገ ዝርከብ ግዱስ ከም ዝበጽሕ ተገይሩ ኣሎ። ኣብ መደብት ሌላ ድማ ደሮ ኣብ ደምጺ ሓፋሽን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን መደብት ተዘርጊሑ'ዩ። ኣብ ኤሪ-ቲቪ ድማ ክቐርብ'ዩ። ብመሰረቱ ሚኒስትሪ ዜና ሓደ ካብ ቀንዲ ኣካል ናይዚ መደብ'ዩ። ንጥፈታትና ድማ ብመንገዲ ማዕከናት ዜናና ንዝርግሖ ኣለና።

**ተራ ናይ ህዝቢ፡ ትካላት፡ ውልቀ-ሰባት ብሓፈሻ እንታይ እዩ ክኸውን? መልእኽትኹም ናብ ህዝቢ?**

**መሓመድ ዑስማን፤** ኣብዚ ቕዱስ ዕላማ'ዚ ኩሉ ዓቕሚ ዘለዎ ክሳተፍን ክሕግዘን ንዕበየት ስነጥበብ ሃገርና ስለ ዝኾነ ዝገበርናዮ ጻውዒት ቀጺልና ክንሓድሶ ንደሊ። ዝኾነ ሰብ ኩሉ ብዓቕሙ ዘበርክተሉ ኣካውንት ከፊትና ኣለና። ዝኾነ ሰብ ብዓቕሙ ብገንዘብ ንምርግጋጽ ኩሉ ብዓቕሙ ዝኽእል ምስ ዘበርክት - ሓበሬታ ዘለዎ ሓበሬታ ብምሃብ፡ ንዋት ዘለዎ ብንዋት፡ ሞያዊ ክእለት ዘለዎ ብሞያኡ - እዚ መደብዚ ክቕጽልን ክምዕብልን ይኽእል።

**እታ ፈለማይቲ ናይ ዝኽሪ መደብ መኣስያ?**

**ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር፤** እቲ ዝሓዝናዮ ዕላት፡ ብዝበዝሑ ሃገራዊ መደባት ክስጋር ጸኒሑ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ፡ ፈስቲቫል ስለ ዝነበረ፡ ብዙሕ ካብቲ ዘካይዶ ዓቕሚ ሰብ ኣብኡ ክሳተፍ ጸኒሑ። ሕጂ ግን ብተኻማዲ ምሉእ ኣደነህ ሂብና ንሰርሓሉ ኣለና። ስለዚ፡ መዚቀኛታት ምድላዋቶም ኣብ ምጽፋፍ ስለ ዘለዉ፡ እታ መዓልቲ ኣብ ቀረባ እዋን ክንወስና ኢና። እቲ ኻልእ ምድላዋት'ውን ኣብ ምጽፋፍ ኣሎ።

**መሓመድ ዑስማን፤** ኣብ ሃገራዊ በዓላት



ተወልደ ገ/እግዚኣብሄር

ክንሳተፍ ዘኪንገርናዮ ዝጸፈፍ ነገራት እንተ ዘይከውን፡ እቲ ዘድሊ ምድላዋት ጸቡቕ ይኸይድ ኣሎ። እቲ "ፋንድ ሬይዚንግ" ኣብ ወሸጥን ኣብ ደገን ተጀሚሩ ኣሎ። ስለዚሉ ዛ ናይ የማነ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝቕጽል'ውን ከሰርሓና ዝኽእል ገደርና ክንጅምሮ ኢና እንደሊ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ድማ ክውን ክኸውን እዩ ንብል።

**ስለምንታይ ብየማነ ገብረሚካኤል (ባርያ) ክጅመር ተደልዩ ዝብል ርእይቶ ዘሎም ኣለው? ርእይቶኹም?**

**መሓመድ ዑስማን፤** እቲ ኣቢጋግሳ'ዩ። ንሕና 'ዝኽሪ ከዋኽብቲ' ዝብል ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ሓሳብ ነይሩና'ዩ። ግን ኣይተግበርናዮን ጸኒሕና። እዛ ናይ የማነ ብወለንታ ምስ ተበገሰት'ኳ ብዙሓት ድማ ስለ ዝደገፉዋ ደፍኢት ገይራ። ኣብ ሓሳብና ኸኣ ስለ ዝጸንሐት፡ ንቕድሚት ተደፊኣ፡ ተማእኪላ እውን። ንሕና ድማ ብጸቡቕ ተቐቢልናያ። ብናይ ዝተፈላለዩ ሳዕለዎት ካድረታት ሓሳብን ርእይቶን ድማ ብማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት እትምእከል ሃገራዊት መደብ ክትኸውን በቒዓ። ዝ. እተካይድ ኮሚቲ ቄይሙ ዕላማታታ ኣጺሩ ሰርሓ በቲ ማጠቢ ሓሳብ ዝኾነ የማነ ባርያ ክትጅምር ምኽንያት ቅቡልን ኩይኑ ረኺብዮ። ንሕና ንየማነ ንበይኑ ጥራይ ኣይኮናን መደብ ዝኽሪ ክንገብር። ካብ ቀደም ከም ዕላማ ዝበረና ንኹሉ ኮኾብ ስነጥበበኛ ክንዝክር ግን ጸቡቕ ማጠቢ ኩይኑና። በዚ ተበጊስና ንኹሎም ዝዀበሩዎም ብኸመይ ንዝክሮም'ዩ እቲ ኣገዳሲ ጉዳይ። ገለ ሰባት ከም ሕቶ የልዕልዎ እዮም። እንታይ ማለትኩም እዩ ብየማነ ባርያ ትጅምሩ? ዝብሉ ኣለዉ። "ክስዩ" ዘይትብሉ ዝብሉ'ውን ኣለዉ። እው ክንብል ኢና። እቲ ማጠቢ ዝኾነና ሓሳብ ግን ዝኽሪ ርብዒ ዘመን ዕረፍቲ የማነ እዩ። ከም ሓሳብ መንቀሊ ናይቲ ዝኽሪ ስለ ዝኾኑ ብእኡ ኣብልና ነቲ ዓቢ ዕላማ ክንበጽሖ ኢና።

**ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር፤** ስለምንታይ ብየማነ ጀሚርኩም ዝብል ርእይቶ ክቐርብ ዝጸላእ ኣይኮነን። መን የቐርቦ ኣሎ ግን የሕስቦ'ዩ። ደፈልጥዩ እትብሎ፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ዘሎ፡ ከመዛዘን ዝኽእል ከልዕሎ እንክሎ ደስ ምሳኒ። ብመሰረቱ ጸቡቕ ኣጋጣሚ ኾይኑ ማጠቢ ሓሳብ የማነ እዩ። የማነ ኸኣ ኣብ ስነጥበብ ሃገር ብዘበርክቶ ኣበርክቶን ብልጫኡን ክብሪ ዝረኸበ ሰብ'ዩ። ከም የማነ ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ብዙሓት እዮም። በበዓቢኦም ኸኣ ክንዝክሮም ኢና። እዚኣ ግን ብፈተውቲ፡ ብጾቱ፡ ስድራ-ቤቱ የማነ ኣብ ዝኽሪ 25 ዓመት ዕረፍቱ ብውልቆም ክዝክሩዎ ዘቐረብዎ ሓሳብ ነይሩ። ብዝምልከቶም ኣካላት መግለጽትን ግንባርን ንቕድሚት ተደፊኣ ዝተማእከለት መደብ ስለ ዝኾነት ክንስዕባ ንቐጻልነታ ክንሰርሓን እሉና። እዛ ናይ የማነ ዝኽሪ ከም ሓሳብ ምስ መጸኣት፡ እዚ ደኣ ዓበን ኣገዳስን መደብ እንድዩ፡ ግን ኣብ የማነ ጥራይ ከይተሓጽረ ንኹሎም ከዋኽብቲ ስነጥበብ ሃገርና በብእዋኑ ዝማእከለ ክኸውን ኣለዎ። ተራ መደብ ዘይኮነ ኸኣ ንወለዶታትም ብዘበቕዕ ኣገባብ ክካየድ ኣለዎ፡ ዝበል ኣገዳሲ ሓሳብ ዝበሉ ብዙሓት ንቕድሚት ደፊኦሞ ኣና ኸኣ ናብዚ ደረጃ'ዚ በጺሕና ዘለና።

*****

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት ብስም "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ስነ-ጥበብ ኤርትራ" ኣብ ዘዳለዎ ፖስተር ዝ. ዝሰዕብ ትሕዝቶ ንረኽብ፤

*ኣብ ስነጥበብ ኤርትራ ዓበን ብሉጻን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ሃገራውያን ንምዝካርን ክብርን ኣፍልጦን ንምሃብን ዝዓለመ መደብ "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ኤርትራ" ብዝኽሪ በዓል ስነጥበበኛ የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ) ንፈልም ኣለና።*

*እዚ ብዘበገሱ ወለንታውያን ዝካየድ መደብ'ዚ ብምኽንያት ርብዒ ዘመን ዕረፍቲ የማነ ባርያ ዝተበገሰ ኩይኑ ኣብ ምህዞ ስነ-ጥበብ ሃገርና መሰረታዊ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ከዋኽብቲ በበእዋኑ ብኽብሪ ክንዝክርን ከነማስግኖን ኢና።*

*ኩሉ ሃገራዊ ንዕበየትን ቀጻልነትን ናይዚ መደብ'ዚ ዝኽኣሎ ከበርክትን ክሰተፍን ንጽውዕ፤*

*ናይ ባንክ ሕሳብ "ዝኽሪ ከዋኽብቲ ኤርትራ"፤*

*Eritrean Musicians Association*
*Zkri Kewakbti*
*Euro – 249-3*
*USD – 1055-3*
*Nakfa – C/A 3.05053-8*
*Housing Bank of Eritrea*

***ከዋኽብቲ ስነጥበብ ዝዝክርን ዘኽብርን ሕብረተሰብ ከዋኽብቲ ስነጥበብ የፈልፍል!***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT VA/06/2023

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

Job Code Title: Programme Analyst, Socio-Economic, Livelihoods and Agricultural Value Chain

Classified Grade: NPSA 9

Duty Station: Asmara

## Organizational Context

In Eritrea, UNDP's programme priorities and partnerships are defined and operationalized through the Country Programme between Government of the State of Eritrea and UNDP to support and contribute to the development priorities. Nature, Climate, Energy, and food security is the biggest programme portfolios for UNDP Eritrea Country Office (CO) ranges from, environmental management, climate resilient agriculture, agricultural value chain development, food and nutrition security, disaster risk management, energy, and climate change. The portfolio is one of the key programme areas in the Country Programme Document period from 2022 – 2026 with a shift towards diversification of funding and efforts to operationalize new financial instruments.

The Socio-Economic, Livelihoods and Agricultural Value chain Programme Analyst will be a part of the ISDU Portfolio team and will work under the direct supervision of the Programme Specialist and will work in close collaboration with the Environment Programme Specialist and Programme Finance Associate. Under the direct supervision of the Programme Specialist and ISDU Unit Head and closely working with the Environment Programme Analyst and Programme Finance Associate, the Socio-Economic, Livelihoods and agricultural Value chain Programme Analyst is responsible for the day-to-day management of the project operation and implementation of the Climate Resilient Agriculture and Value Chain Development programme.

## Key Duties and Accountabilities

- Ensures implementation of programme strategies.
- Ensures effective management of the CO programme within the thematic/sectoral areas assigned e.g., Climate resilient agriculture, Sustainable Livelihoods, Climate change and Energy, Food and Nutrition security focusing on quality control from formulation to implementation of the country programme.
- Ensures provision of top-quality advisory services and facilitation of knowledge building and management.
- Contributes to the creation of strategic partnerships/Network Building and Resource Mobilization.
- Gender mainstreaming within the ISDU projects/Portfolio
- Ensures facilitation of knowledge building and knowledge sharing and management

## MINIMUM QUALIFICATIONS

### Education

- Master's degree or equivalent in Social Sciences, International Development, Natural resources Management and Environmental Sciences, Disaster Risk Management, Community Development, Project Management, or related field.
- In lieu of a Master's degree, a Bachelor's degree with 4 years' work experience can be considered.

### Experience

- Minimum 2 years of relevant experience (Master degree) or minimum 4 years of relevant experience (Bachelor degree) at the national or international level in providing advisory/technical support services, and managing and implementing initiatives/projects in the area of climate change mitigation, climate change adaptation, chemicals, sustainable energy, environment management.
- Minimum 2 years of working experience with the international organizations / government / private sector / research institution / think tank / civil society organization.

### Required skills

- Ability to lead and manage outputs and activities in all phases of project management involving multiple partners and stakeholders, and in conflict settings.
- Excellent skills in problem-solving, adaptative management, conflict resolution, advocacy, and stakeholder engagement and coordination.
- Demonstrated ability in writing good quality project reports, policy briefs/paper, and/or communication & advocacy article/blog/story.
- Proven field experience in climate, energy, and environmental management initiatives/projects at national, sub-national/state, local and/or community level.
- Experience in collaborating and partnering with government agencies, private sector, communities and/or international organizations.
- Experience in the usage of computers and office software packages (MS Word, Excel, PowerPoint, etc.).

### Desired skills

- Experience in GIS systems and tools such as ArcGIS, QGIS, etc. is an advantage.
- Knowledge of IPCC Guidelines for National Communications / Biennial Transparency Report / Greenhouse Gas Inventories is desired.

### Language requirements (Required / Desired)

- Fluent written and spoken English and Tigrigna is required.

### Other

- Qualified female candidates are especially encouraged to apply.

## Application

Interested applicants should apply on the link below:
https://estm.fa.em2.oraclecloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/sites/CX_1/job/13384/?utm_medium=jobshare
Closing Date: 14 September 2023

Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be uploaded.

UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.

UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.

(Only Short-Listed Candidates will be contacted).

## ን2ይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ፀንጨይትን)
ዓዳጊ፡ ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ (ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣሶማጥ ከምኡ'ውን ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረን)
ኣርእስቲ ውዕል፡ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፡ (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣሶማጥን ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማንን መግቢን ፀንጨይትን ከማርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ፀንጨይትን) ብሸፉግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስን፡ መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቁ.ቴሌፎን 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ክሳብ ዕለት 4/10/2023 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክጸንሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን፡ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 4/10/2023 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ (Bid security) (CPO) 100,000.00 ናቕፋ ንመግቢ (ንኣሕምልቲ)፣ 50,000.00 ናቕፋ ድማ ንፀንጨይቲ ክኸውን ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ
Tel 402289, 402290
P.O.BOX 18

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኔቶ ኣብ 2025 ከብቅዕ እዩ. . .?

ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ኣብ 2025 ክበታተን ከምዝኽእል፡ ፍሉጥ ኣመሪካዊ ተመራማሪ ታሪኽን ክኢላ ስትራተጂያዊ መጽናዕቲን ፕሮፌሰር ፍሊፕስ ፓይሰን ኦብሪን ገሊጹ።



እቲ ምሁር፡ ንመጽሐቲ 'ዙኣትላንቲክ' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2024 ንጆ ባይደን ረቲዑ ዳግማይ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኰይኑ እንተደኣ ተዓዊቱ እውን፡ ኣመሪካ ናብ ዩክሬን እትልእኾ ዘላ ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ደው ክብሎ ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣመሪካ ናብ ዩክሬን ደው እንተደኣ ኢሉ ድማ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ሃጓፍ ንምሽፋን ክጸግማን ጠይቱ ኣረኣእያ ክሕዛን ስለዝኽእላ፡ ብኣኡ ምኽንያት ኔቶ ምብትታኑ ከምዘይተርፎ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ካብ ኣሰታት ሰለስተ ርብዒ ኣባላት ሰልፊ ረፓብሊካን ደገፍ ከምዘለዎ ዝሕብር ዶናልድ ትራምፕ፡ ፕረዚደንት ኰይኑ ዳግማይ እንተደኣ ተመሪጹ፡ ንዩክሬን ናብ መኣዲ ዘተ ከምእትቐርብ ብምግባር፡ ነቲ ምስ ሩስያ እተካየዶ ዘሎ ደማዊ ውግእ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ደው ከብሎ ምዃኑ'ዩ ደጋጊሙ ዝገልጽ ዘሎ።

ዩክሬን ነቲ ዘተ-ሰላም ምስ ኣትሕስሞ፡ ካብ ኣመሪካ ዝውሕዞ ዘሎ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትስእኖ ክትግደድ ምዃናን፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሩስያ ናይ ምእታው ሓደጋ ክገጥማ ከምዝኽእልን፡ ዶናልድ ትራምፕ ወሲኹ የጠንቅቕ።

ሓደ ካብ ዕሉላት ደገፍቲ ዩክሬን ምዃኑ ዝገንዘቡ ፕሮፌሰር ፍሊፕስ ፓይሰን ኦብሪን፡ ኣብቲ ንመጽሔት ዙኣትላንቲክ ዝሃቦ ሓበሬታ ብዘውሰኾ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ 'ዘይተርፍ ይመስል ኣሎ' ዝበሎ ስዕረት ዩክሬንን ውድቀት ኔቶን ክምክታኦ እንተደኣ ኰይነን፡ ኣጽዋር ናይ ምፍራይ ዓቕመን ብቕልጡፍ ከዕብያ ጸዊዑ።

ሩስያ ኣቐዲማ ኣብ ዝርግሓቶ ጽዑጽ ዩክሬን ጸረ-መጥቃዕቲ ኣብ ዘየድትለን ቀዋሚት ክልተ ኣዋርሕ ጥራይ - ኣሰታት 43 ሽሕ ወተሃደራት ከምዝኸሰረት እያ እትሕብር።

## ጋቦን - መራሒ ዕልዋ መንግስቲ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ

ዝሓለፈ ረቡዕ፡ ንፕረዚደንት ጋቦን - ዓሊ ቦንጎ ብምዕላው በትረ-ስልጣን ዝጨበጠ ጀነራል ብራይስ ንጉማ፡ ፕረዚደንት መሰጋገሪ መንግስቲ ንምዃን ትማሊ ሰኑይ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ።

ኣብ እዋን ስነ-ስርዓት እቲ ቃለ-ማሕላ፡ ብዙሓት ደገፍቱ ተረኺቦም ሓጎሶም ከምዝገለጹ ድማ፡ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ምምጻእ ጀነራል ንጉማ ናብ ስልጣን፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝጸንሐ ስርዓት ኪይከውን ኣብ ሓያለ ወገናት'ታ ሃገር ስግኣት ከምዘሎ፡ ቢቢሲ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ዓሊ ቦንጎ ኣብ 2009 ስልጣን ቅድሚ ምሓዙ፡ ኣቡኡ - ዑመር ነታ ሃገር ን41 ዓመታት ከምዝመርሓ እዩ ዝንገረሉ።

ወዲ 48 ዓመት ጀነራል ንጉማ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቶም እሙናት ሰበ-ስልጣን ተባሂሉ ብዓሊ ቦንጎ ኣገዳሲ ጽፍሒ ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ዝጸንሐ ምዃኑ ይሕበር።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብን ግዝኣት ፈረንሳ ዝነበረትን ጋቦን፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ወተሃደራዊ ዕልዋ ካብ ዘተኻየደለን ሃገራት ኣፍሪቃ - ሻዱሸይቲ ከምዝኾነት ጸብጻባት የገንዝቡ።



ሕቡራት ሃገራትን ፈረንሳን ነቲ ዕልዋ ክኹንናኦ እንከለዋ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ነታ ሃገር ካብ ኣባልነቱ ኣደስኪሉዋ ኣሎ።

ጀነራል ንጉማ፡ ኣዛዚ ናይ'ቲ ኣብ ሓለዋ ቤተ-መንግስቲ ተዋፊሩ ዝጸንሐ 'ረፓብሊካን ጋርድ' ዝተባህለ ሰራዊት ከምዝነበረ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## "ፈረንሳ ሲቪል ነፋሪት ወቒዓ ኣውዲቓ" ቀ/ሚ ኢጣልያ-ነበር

ፈረንሳ፡ ንመራሒ ሊብያ ኮሎኔል ሙዓመር ቀዛፊ ንምቕታል ዝተኩሰቶ ሚሳይል፡ ብጌጋ ንሓንቲ ገያሾ ኣሳፈራ ዝነበረት ሲቪላዊት ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት ኢጣልያ ሃሪሙ ከምዘውደቓ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ዝነበረ ጁሊያኖ ኣማቶ ኣቃሊዑ።

እቲ ብዓል-ስልጣን ነበር፡ ዝሓለፈ ቀዳም ምስ 'ረፓብሊካ' ዝተባህለት ጋዜጣ'ታ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት እዩ ነቲ ንነዊሕ ዓመታት ተዓቢጡ ዝጸንሐ ሓቂ ከውጽኦ ዝኸኣለ።

እታ ብቑጽሪ በረራ 'ኢታቪያ 870' እትፍለጥ ዝነበረት ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት፡ ብ27 ሰነ 1980 ካብ ቦሎኛ ናብ ፓሌርሞ እናበረረት እንከላ እያ ካብ ሓይሊ-ኣየር ፈረንሳ ብዝተወንጨፈ ሚሳይል ተወቒዓ ወዲቓ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ሰራሕተኛታትን ዝርከቡዎም 81 ተጓዓዝቲ ብምሉኦም ሞይቶም።

ሓይሊ-ኣየር ፈረንሳ፡ ሙዓመር ቀዛፊ ኣብታ ነፋሪት ተሳፊሩ ከምዝሎ ዘመልክት ግጉይ ስለያዊ ሓበሬታ ምስ ረኸበ'ዩ - ብትእዛዝ መራሕቲ ፈረንሳ ናብታ ነፋሪት ሚሳይል ወንጪፉ።

ክሳብ ሕጂ ድማ፡ እታ ነፋሪት ዒላማ መጥቃዕቲ ዝኾነትሉ ምኽንያት ይኹን መንነት ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ምስጢር ኰይኑ ጸኒሑ።

ገለ ወገናት፡ እታ ነፋሪት ኣሸበርቲ ኣብ ውሽጣ ብዘቐመጥዎ ቦምባ ተባራዓ ከምዝወደቐት ክኣምኑ እንከለዉ፡ ገለ ድማ፡ ነፈርቲ-ውግእ ፈረንሳን ኣመሪካን ንሓደ ኣገዳሲ ሊብያዊ ፖለቲከኛ ንምቕንጻል ኣብ ሰማያት ማእከላይ ባሕሪ ምስ ነፈርቲ-ውግእ ሊብያ ቅልስ ኣብ ዘካይዳሉ ዝነበራ እዋን፡ እታ ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት ብጌጋ ተሃሪማ ከምዝወደቐት ክዛረቡ ጸኒሖም።

ብመሰረት ጁሊያኖ ኣማቶ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሙዓመር ቀዛፊ ኣብ ወተሃደራዊት ነፋሪት ተሳፊሩ ብክሊ-ኣየር ኢጣልያ ኣቢሉ ናብ ዩጎዝላቪያ ድሕሪ ምምራሑ እያ - ፈረንሳ ምስ ኣመሪካ ተረዳዲኣ ናይ ምቕንጻሉ መደብ ሓንጺጻ።

ናብ ሃገሩ ክምለስ እንከሎ ከኣ፡ ነታ ነፋሪት ወቒዓ ንምውዳቕ ምድላዋታ ኣጻፊፋ።

እንተኾነ፡ ነቲ ውጥን ቅትለት ዝፈለጠት ኢጣልያ፡ እታ ንቀዛፊ ዘሳፈረት ነፋሪት ብኻልእ ማስመር ኣቢላ ናብ ሊብያ ከምእትምለስ ብምግባር፡ ነቲ መራሒ ሊብያ ነበር ካብ ቅንጸላ ኣድሒናቶ።

ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ፡ እዚ ጁሊያኖ ኣማቶ ኣቃሊዑዎ ዘሎ ሓቂታት፡ ንዝምድና ፈረንሳን ኢጣልያን ብኣሉታ ከይጸልዎ ኣይክተርፍን እዩ።



## ኣብ ኒጀር፡ ኣንጻር ፈረንሳ ህዝባዊ ተቓውሞ ይካየድ ኣሎ

ኣብ ኒያመ- ርእሰ-ከተማ ኒጀር፡ ፈረንሳ ንኣምባሳደራን ወተሃደራታን ብህጹጽ ክትስሕብ ዝጠልብ ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞ ይካየድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ኒጀር፡ ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ ጀሚሮም ናብ ከባቢ'ቲ ወተሃደራዊ መዓስከር ፈረንሳ ዝርከቦ ክፋል'ታ ከተማ ብምውሓዝ፡ "ውድቀት ንፈረንሳን ንሸሪኻታን! ፈረንሳ ካብ መሬትና ውጽኢልና! ማክሮን - ኒጀር ውልቃዊ ንብረትካ ኣይኰነትን!" ዝብል ጭርሖታት ከሰምዑ ቀንዮም።

ንሳቶም ብዘይካ'ዚ፡ ነቶም ብዕልዋ በትረ-ስልጣን ጨቢጦም ዘለዉ ወተሃደራውያን መራሕቲ ዘለዎም ጽኑዕ ደገፍ ገሊጾም ኣለዉ።

ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር፡ ዝሓለፈ 3 ነሓሰ ኣብ ዝሃቡዎ መግለጺ፡ ኣብ መንጎ ሃገሮምን ፈረንሳን ንዝነበረ ወተሃደራዊ ስምምዓት ከምዝሰረዙዎ ብምሕባር፡ ኣብ ኒጀር ዓስኪሮም ዝርከቡ ኣሰታት 1,500 ወተሃደራት ፈረንሳ፡ ብዝቐልጠፈ ክወጽኡ ሓቲቶም ከምዝነበሩ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ፈረንሳ ነቶም ወተሃደራት ከምዘይትስሕቦም ድሕሪ ምግላጻ፡ ኒጀራውያን ኣብ ኣፍ-ደገ እቲ ወተሃደራዊ መዓስከር እናተኣኻኸቡ ተቓውሞኦም ከሰምዑ ምጅማሮም ይግለጽ።



ካብዚ ሓሊፎም እውን፡ እቶም ወተሃደራት እንተደኣ ዘይወጺኦም፡ ነቲ ወተሃደራዊ መዓስከር ከጥቅዑዎ ምዃኖም ከጠንቅቑ ከምዝጸንሑ ይሕበር።

ብፈረንሳከሊኦምዘለዉ.ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር፡ ንኣምባሳደር ሰልቨይን ኢተ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ካብ ሃገሮም ክወጽእ ኣዚዞምዎ ከምዝነበሩ፡ እንተኾነ፡ ፈረንሳ ነቲ ትእዛዝ ብምንጻግ እቲ ኣምባሳደር ኣብ ኒጀር ክጸንሕ ከምዝወሰነት ይፍለጥ።

ፈረንሳ ብወገና ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦቶ መግለጺ፡ መራሕቲ ኒጀር ኣብ ልዕሊ እቲ ኣምባሳደራ ይኹን ወተሃደራታ ዝኾነ ስጉምቲ ምስ ዝወስዱ፡ ግብረ-መልሲ ክትህቦሉ ድሉውቲ ከምዝኾነት ኣጠንቂቓ ነይራ።

ፈረንሳ፡ እቲ ብ26 ሓምለ ብዕልዋ ካብ ስልጣኑ ዝተኣልየ ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም፡ ናብ ስልጣኑ ንምምላስ ምንቅስቓስ ተካይድ ከምዘላ እዩ ዝግለጽ።

## ደ/ኣፍሪቃ፡ ናብ ሩስያ ኣጽዋር ከምዝይለኣኸት ተረጋጊጹ

ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ሩስያ ኣጽዋር ከምዝለኣኸት ዝገልጽ ክሲ ብኣምባሳደር ኣመሪካ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ነቲ ጉዳይ ክጻሪ ዝጸንሐ ዘይሻራዊ መርማሪ ኣካል - ነቲ ክሲ ዝጸግግ መግለጺ ከምዘይረኸበ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፎዛ - ንውጽኢት መርማሪ ኣካል ብምጥቃስ ዝሓለፈ ሰንበት ብተለቨዥን ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ብኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ቀሪቡ ዝነበረ ክሲ፡ መሰረት ዘይብሉ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ኣብ ጉዳይ ሰደድ ኣጽዋር ዝተኻየደ መርመራ፡ ዝሓለፈ ታሕሳስ ኣብ ወደብ ሓይሊ ባሕሪ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኾነት ከተማ ሳይሞን - ሓንቲ 'ሌዲ ኣር' ዝተባህለት ናይ ጽዕነት መርከብ ከምዝኣተወት፡ እንተኾነ ካብ ሩስያ ኣጽዋር ጸዒና ዝመጸኣት እምበር፡ ናብ ሩስያ ጽዕነት ሒዛ ከምዘይከደት የመልክት።

እቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ መርመራ ከካይድ ዝጸንሐ ናጻ ኮሚቴ፡ ልዕሊ 100 ሰባት ከምዝመርመረን ልዕሊ 50 ሰነዳት ከምዝዘራረበን ብምምልካት እዩ - እቲ ክሲ ናይ ሓሶት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።



ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ሩበን ብሪጊት፡ ዝሓለፈ ታሕሳስ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ሩስያ ኣጽዋር ከምዝለኣኸት ዝገልጽ ክሲ ድሕሪ ምስማዑ፡ ብዙሕ ክትዕ ኣለዓዒሉ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዩክሬን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኣብ ጉድኒ ምዕራባውያን ሃገራት ክትሰልፍ ዝተገበረላ ጸቕጢ ኔጌጓ ዘይሻራዊ መርገጺ ክትሕዝ ከምዝመረጸት እያ ተፈልጥ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 05/09/2023 | ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ካምፖቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services